## Voice of Liberty News
## ድምጺ ሓርነት
**11 ሚያዝያ 2004**

### ሚኒስተር ሳልሕ ከኪያ መን ኢዩ?

ኣቶ ሳልሕ ኣብ ከረን ካብ ፍሉጣት ነጋዶ ስድራቤት ተወሊዱ። ኣብ ከረን ናይ 1ይ ደረጃን 2ይ ደረጃን ትምህርቱ ወዲኡ። ካብቶም መተዓብይቱን መማህርቱን፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ እዋን ሰውራ መቃልስቱ ዝኾኑ፡ ኣሕመድ ሓጅ ማለት ወዲ ሓጂ (ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ)፡ መሓመድ ኑር ባሆ ማለት ወዲ ባሆ፡ ክፍለ ወልደስላሴን፡ ኣብ ሃብቲ ዓሳ ዳይረክተር ጀነራል ዝነበረ፡ ከምኡ'ውን ኣነንያ የውሃንስን ይርከብዎም።

ሳልሕ ትምህርቱ ንምቅጻል ናብ ባህርዳር ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣተወ፣ እንተኾነ ብዝነበሮ ሃገርዊ ስምዒት ተደሪኹ ናብ ሜዳ ብ1976 ዓ.ም ብየመን ኣቢሉ ተሰሊፉ። ታዕሊም ምስ ወድአ ከኣ፡ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ማህሚመት ተመዲቡ ብደረጃ ተራ ኣባል፡ ጸኒሑ ከኣ ኮሚሽነር ናይ'ቲ ክፍሊ ኰይኑ ሰርሐ። ኣብ'ዚ ክፍሊ ከም ሓላፊን፡ ከም ፖለቲካዊ መምህር ናይ ሓደስቲ ተዓለምትን ኰይኑ፡ ነቶም ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዘውሕዙ ዝነበሩ ሓደስቲ ተዓለምቲ ምእላይን፡ ጽዑቕ ታዕሊምን፡ ከቢድ ማእቶታዊ ስራሕን ብተወፋይነት ገጢሙ። ሓደስቲ ኣብ ምምልማል ዝግባእ ፖለቲካዊ ትምህርትን፡ ወተሃደራዊ ሕግን ስነ-ስርዓትን እናመሃረ ኣብ ቃልሲ ተርኦምን እምነቶምን ከም ዘዕዝዙን መንፈስ ናይ ቃልሶም ከምዝተርር ዝገበረ፡ ጀጋኑ ተጋደልቲ መልሚሉ ዘፍረየ ካድር ኢዩ።

ክፍሊ-ታዕሊም ሓደስቲ ተዓለምቲ ካብ ኩሉ ቀጸላታት ሕብረተ-ሰብና፡ ዝተፈላለየ ጠባያትን ድሌታትን፡ ከምኡ እውን ነናቶም ድሕረ-ባይታ ሒዞም ዝመጽሉ ቦታ ኢዩ። እዚ ኣሃዱ'ዚ ተጋደልቲ መጀመርያ ምስ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝላለዩሉ መመንጨዊ ዓ ቕሚ ሰብ ዝኾነ ትካላዊ ኣሰራርሑ ኪምዕብል ንተዓለምቲ ብስልጡን ባህሊ ኪትሓዙን ካብ ዝገበሩን ዝጸዓሩን ሳልሕ ኢዩ።

ተጋዳላይ ሳልሕ ኣብ'ቲ በብመድረኹ ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ቃልስታት፡ መርገጺኡን ፖለቲካዊ ኣጠማምትኡን ብኣወንታ ዝጥመትን፡ ምዕቡል ርእይቶን ዝነበሮ ተጋዳላይ ኢዩ ኔሩ። ክልተ ዓመት ድሕሪ ምስላፉ ድማ፡ ዝለዓለ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንምቕሳም ንደቡብ የመን ከይዱ ዝግባእ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ወሲዱ ንሜዳ ተመሊሱ።

ኣብ ሜዳ ድሕሪ ምምላሱ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ተመዲቡ፡ ኣባል ናይታ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝቐመት ንቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ትተሓጋገዝ ሰክረታርያት ኰይኑ፡ ካብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ዝመጸእ ዝነበረ ጸብጻባትን ንጥፈታትን እናተኸታተለ፡ ኣጻፊፉ ናብ ዋና ጸሐፊ ምቕራብን፡ ንኣሃዱታት መልሲ ምስናቅ ተዋፊሩ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝገበረ ተጋዳላይ ኢዩ።

ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕማም፡ ኣብ ባቑስ/ዓራግ ዝካየድ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ካድር ከም መምህርን ሓላፊ ናይ'ቶም ኣብኡ ዝተመደቡ መማህራን ኰይኑ፡ ንካደራት ክልሰ-ሓሳባዊ ትምርቲ እናመሃረ፡ እምነቶም ኣትሪሮም ከም ዝቃለሱን፡ ኣብነት ኰይኖም ድማ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ክዋስኡን ክኣልዩን ካብ ዝገበሩ መማህራን ሓደ ኢዩ።

ተጋዳላይ ሳልሕ ኣብ 1987 ዓ.ም. ዝተገበረ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኰይኑ ተመሪጹ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ኰይኑ ድማ ስርሑ ብምቕጻል ውድባዊ ጸብጻባት ኣብ ምጽፋፍን፡ ንቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ምእላይን ተዋፊሩ፡ ልዑል ኣበርክቶ ዝነበሮ ዀይኑ ክሳብ ግዜ ነጻነት ብተወፋይነት ዘገልገለ ተጋዳላይ ኢዩ።

ድሕሪ ነጻነት ከም ኣምባሳደር ሱዳን ኰይኑ ድሕሪ ምግልጋል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ተመዲቡ ኣብ'ቲ ሚኒስትሪ ንምምዕባል ዝግበር ዝነበረ ንጥፈታት እናተሳተፈ ልዑል ኣበርክቶ ጌሩ። ብኡ-ንብኡ ናብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ብደረጃ ሚኒስተር ተመዲቡ፣ ላዕለዋይ ሓላፊ ናይ መጓዓዝያ ኣየር፡ መሬት ኰነ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ናይ ቴሌኮሚኒከሽን ጾስጣታን ብምዃን ኣገልገለ። እንተዀነ ግን ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ካብ ሚኒስተር መዓርግ ወሪዱ ኣመሓዳሪ ከተማ ዓሰብ ኰይኑ ተመደበ። ሳልሕ ግን ምኽንያት መቐየርኡ ሓቲቱ መልሲ ስለዘይረኸበ፡ ነቲ መደብ ነጺጉ። ካብ ስራሕ ከኣ ደስከለ።

ሚኒስተር ሳልሕ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ህርኩት፡ ዝተራእዮ ጉድለት ኣብ ምእራም ድሕር ዘይብል ጽኑዕ ሰብ ኢዩ ኔሩ። ከምኡ ስለዝዀነ ኣብ ኣኼባታት ባይቶ ንኣካይዳ መንግስቲ ወቒሱ፡ ብፍላይ ከኣ ንኣመራርሓ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ዝነቐፈ ተባዕ ኣባል ባይቶ ነበረ። ካብ ስልጣን መስጎጒኡ ከኣ ምናልባት እቲ ነቓፊ መርገጺኡ ከይኮነ ኣይተርፍን ዝብሉ ተዓዘብቲ ኣለዉ።

ሚኒስተር ሳልሕ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ብውርሻ ዝረኸቦ ዘይኰነ ውጽኢት ፍረ-ቃልሱ ምዃኑ፡ "ሓላፍነት ብግቡእ ክትሰርሓሉ'ምበር፡ ንጉዳይ ሃገርን መርገጽን ናይ ስልጣን ቦታ ኪውስነካ የብሉን" ካብ ዝብል እምነቱ ተበጊሱ ድማ ንዝተፈጥረ ፍልልያት ንምእራም ካብ ዝተበገሱ ሓደ ኢዩ ኔሩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ! ሚኒስተር ሳልሕ ዝሓተቶን ኪእርሞም ዘልዓሎም ነጥብታትን እውናውያን ድዮም? እቶም ዘልዓሎም ጉዳያትከ ሕጋውያን ዲዮም ወይስ ኣይኮኑን? ዝብሉ ሕቶታት ንምምላስ፡ ካብዚ ቀጺልና ገለ ካብቶም ዘልዓሎም እዋናውያን ኣርእስቲታት ከነቕርበለኩም ኢና፡

ሚኒስተር ሳልሕ ንጠለብ ኣኼባን ሕጋውነቱን ኪጠቅስ ከሎ፡-

*"ዝተጠልበ ኣኼባ ብሃንደበት ከም ዘይኰነ፡ እንታይ ድኣ እቲ ኣኼባታት ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን ድሮ ግዜኡ ሓሊፉ ከም ዝነበረ ልዕሊ ኩሉ ግን ናይ ፈጻሚ ኣካል (ካቢኔ ሚኒስተራት) ኣኼባ ልዕሊ ዓመትን ፈረቓን ሓሊፉ፣ እዚ ድማ ሕጋዊ ኣብ ርእሲ ዘይምዀኑ ፕረዚደንት ነቲ ንምእራም ዝተበገሰን ንረብሓ ሃገር ኢሉ ዝተላዕለ ነጥብታትን ሕቶታትን ካብ ባዶ በርሚል ዝወጽእ ብርቱዕ ድምጺ ኢሉ ምግላጹ ካብ ሓደ ፕረዚደንት ሃገር ዘይትጽበዮም'ዩ"* ኢሉ ብምግላጽን እቲ ብሂል ከኣ ከም ዘሕዘኖን ጠቂሱ።

ሚኒስተር ሳልሕ ንጉዳይ ብልሽውናን ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ንዝነበረ ገምጋም ኣሰራርሓ ኣምልኪቱ፡-

*“ጕዳይ ብልሽውና ብፍሉይ ቤት ፍርዲ ዘይኾነ ዝፍታሕ ሓላፍነታዊ ዝኾነ ስርዓተ-ሕጊ ምስ ዝህሉ ኢዩ ብልሽውና ድማ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣብ ሓደ ግዜ ዝጠፍእ ኣይኮነን። እዚ ቆይሙ ዘሎ ቤት ፍርዲ ኣገባብ ኣሰራርሕኡ ዝህቦ ፍርድን ብዕሊ ናብ ህዝቢ ኪግለጽ ኔርዎ። እንተዘየሎ ግን ፍሉይ ቤት ፍርዲ በትሪ ፖለቲካ ኢዩ ዝኸውን’* ይብል።

ቀጺሉ ኸኣ ኣብ መስርሕ ሕጊ ዘሎ ጋግ ብምጥቃስ፡-

*“ኣብ ውሽጢ'ዞም ዓሰርተ ዓመታት ትካላዊ ኣሰራርሓ ህ.ግ.ሓ.ኤ ተጎቲቱ ኢዩ ምኽንያቱ እቲ ናይ ሜዳ ኣሰራርሓ ኢዩ ቀጺሉ፣ እዚ ድማ እቲ ዝዓበየ ሃስያ ኢዩ። ምኽንያተ፡ ፈጻሚ ኣካል ናይ ሓጋጊ ኣካል ስራሕ ይሰርሕ፡ ሓጋጊ ኣካል'ውን ኣብ ልዕሊ ፈጻሚ ኣካል ግቡእ ምቊጽጻር የብሉን፡ እቲ ፈራዲ ኣካል ምስ ኵሉ ድኽመታቱ ጥዑይ መንገዲ ነጻነቱ ሓልዩ ኪምዕብል ኣይርአን’* ኢሉ ነቐፌታኡ ኣቕሪቡ።

ሚኒስተር ሳልሕ ንሕጊ ፕረስን ትግባረ-ቅዋምን መስርሕ ምርጫን ኣምልኪቱ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ርእይቶ ኢዩ ኔርዎ፡-

*“ሕጊ ፕረስ ዋላ'ኳ ኣብ ቅዋም ሰፊሩ እንተነበረ ምስ ዝነበረ ዓቕሚ ኪሰርሓሉ ኣይጸንሐን፣ ሕጂ ግን ኪሰርሓሉን ኪምዕብልን ዘለዎ ጕዳይ ኢዩ። ቅዋም ንምጽዳቅ ዝተራእየ ምድንጓያት ኣይነበረን ቅዋም ምስ ጸደቐ ድማ ብግዜኡ ቅዋማዊ መንግስቲ ኪቀውም ኔርዎ። እንተድኣ ቅዋም ኪትግበር ዝድለ ኾይኑ ኣብ መበል 13 ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ናብ ትግባረ ቅዋም ክንሰጋገር ኣሎና ዝብል ውሳኔ ሓሊፉ፡ ግዜ'ውን ተዋሲኑ፣ እንተኾነ ግን ነዚ ብዝምልከት፡ ማለት ምርጫታት ንምክያድ ብዕቱብ ዝተታሕዘ ከም ዘይኾነ ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኣይጸደቐን፡ ሕጊ ምርጫ'ውን ከምኡ፡ ምርጫ ንስለ ምርጫ ኪካየድ የብሉን’* ኢሉ መብርሂ ሂቡሉ።

ብተወሳኺ፡ ንጕደይ ምስረታ ኾነ መስርሕ ምቛም ሰልፍታት ጠቒሱ መግለጺ ክህብ ከሎ፡-

*“ብባይቶ ዝቆመት ንንድፊ ሕጊ ሰልፍታት እተዳሉ ኮሚቴ ስርሓ ወዲኣ ናብ ህዝቢ ከተቕርቦን ክትካታዓሉን ምስ ወሰነት ፕረዚደንት ጠጠው ከምዝብል ጌርዎ። ውሳኔ ባይቶ ብዘይኣፍልጦን ስምምዕን ባይቶ ኪፈርስ ድማ ሓደገኛ ስጉምቲ ኢዩ። ንመጻኢ ስርዓተ ምምሕዳር ድማ ሕማቕ ኣብነት ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ኣቀራርባ ናይ'ዚ ንድፌ ሕግታት ሰልፊ ምርጫን ነቕርቦ ዘሎና ኣገባብ ጌጋ ኢዩ። ህዝቢ ብግቡእ ክርደኦምን ክካትዓሎምን ዘለዎም ጕዳያት እዮም። እቲ ዝግበር ዘሎ ግን ህዝቢ ብግቡእ ኣብ ርእሲ ዘይምርድኡ እንተሓተተ'ውን መግለጺ የብልናን እናተባህለ ሕቶኹም ብጽሑፍ ከነመሓላልፈልኩም ኢና ኢዩ ዝበሃል”* ኢሉ ጊጋታት ብንጹር ኣሚቱ።

ሚኒስተር ሳልሕ ከኪያ፡ ኣብ ምሕዳር-ሃገርና ዝርኣዩ ጌጋታት ብጋህዲ ዝነቅፍ፡ ምዕ ቡሉን ሰጓምን ሓሳባት ዘቕርብ ለባም ተጋዳላይ ኢዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ሃገርና በዚ ትኸዶ ዘላ ጉዕዞ ክትቕጽል የብላን፡ ዝግበሩ ጌጋታት ይበዝሑን ይዓብዩን ኣለዉ፡ ስለዚ ኣካይዳና ከነመዓራሪ ኣለና ካብ ዝብል እምነት ተበጊሱ፡ ምስ ካልኦት ኣባላት ባይቶ፡ ስሩዕ ኣኼባ ኪግበር፡ ቅዋም ኪትግበር፡ ስልጣን ከኣ ህዝቢ ኪርከብ ስለዝሓተተ ምስ 10 ኣባላት ባይቶ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ኣሎ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ! ሃገርና ኣብዚ ሕጂ ኣትያቶ ዘላ ጸበባ መታን ከይትኣቱ፡ ህዝቢ ካብ ጥሜትን ዕርቃንን መታን ኪድሕን፡ ብህዝቢ ዝመሓደር ህዝባዊ ስርዓት ይተኸል፡ ብሕጊ ዝቕየድ ኣሰራርሓ ከኣ ይተኣታቶ፡ ኢሉ ዝመጎተ፡ ውላድካ ሳልሕ ኬክያ ኢዩ። ሳልሕ "ምእንቲ ህዝበይ'ምበር ምእንቲ ውልቀ-ሰብ ኣይተጋደልኩን፡ እቶም ዝሓለፉ ብጾተይ ከኣ ምእንቲ ራህዋን ሰላምን ናይ ምልእቲ ሃገር ደኣ'ምበር ንገለ ሰባት ኪጥዕሞም ኣይሓለፉን" ይብል ስለዝነበረ፡ ሎሚ "ከዳዕ" ተባሂሉ ኣብ ጸልማት፡ እሞ ኸኣ ኣብቲ ወትሩ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝንቀሳቐስ ሕቡእ ቤት ማእሰርቲ ይኽላበት ኣሎ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዘረባ ክለተ ሰሚዕካ ፍረድ። እዚ ጕዳይ'ዚ ተረዲእካ እምበኣር ከምቲ ሳልሕ ወድኻ ምእንቲ ፍትሕን ሕጊን ደው ዝበለ፡ ንሸኻ ከኣ ኣብ ጎድኒ እዚ ተባዕ ውላድካ ደው ኢልካ፡ ዓገብ ክትብል ነማሕጽነካ።